## ኤርትራውያን ናይዚ ሎሚ ንርከበሉ ፖለቲካዊ

## ውድቀት ቀዳምነት ተሓተቲ ባዕልና ኢና።

ዝኾነ ሰብኣዊ ፍጡር ኣብ ልዕሊኡ ዓመጽ ክፍጸም፡ ሰብኣዊ ክብሩ ክዋረድ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ክነብር ኣይፈቅድን። ቃልሲ ኤርትራውያን ንሃገራዊ ነጻነትን ክብረት መሰረታዊ ሓርነታዊ ደሞክራስያዊ መሰልን ከኣ ቀረባ ኣብነትዩ። እንተኾነ ንሕና ኤርትራውያን ብመንጽር ዘለዓልናዮ ፍትሓዊ ሕቶ፡ ዝወሰድናዮ ተበግሶ፡ ዘካየድናዮ ቃልስን ዝኸፈልናዮ ክቡር መስዋእትን ነጻነትን ሓርነትን ኣይተጎናጸፍናን። ብርግጽ መሬትና ብሕጊ ኣረጋጊጽና ኢና። ልኡላዊ ግዝኣትና ንጹርዩ። ምሉእ ንምሉእ ወነንቲ ገዛእ ርእስናን ልኡላዊ መሬትናን ኮይና ኢልና ኣብ ንዛረበሉ ኩነታት ግን የለናን። ብመስተርሆት እፎይ ኢልና ንድቅሰሉ መሬትን ብናይ ገዛእ ርእስና ውጥን ብሰላም ወፊርና ብሰላም ንኣትወሉ መሰልን ኣየረጋገጽናን። ብፍላይ ኣብ ምውሓስ መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ሓርነታዊ መሰላት ካብ ዝነበርናዮ ድሕሪት ተመሊስና ደኣምበር፡ ቅድሚት ኣይሰጎምናን። ሎሚ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልና ብዝኸፍአዩ ተደፊሩን ተረጊጹን።

ነዚ ኣብ ልዕሊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ክብረትና ዝፍጸም ዘሎ መሰረታዊ ጥሕሰት መን ኣምጺእዎ? ብቐንዱ ባዕልና ኢና። ብኸመይ? ገለ ብፖለቲካዊ ግርህነት፣ ገለ ብግዝያዊ ስምዒታዊ ረስኒ፣ ገለ ብትምክሕታዊ ኣነነት፣ ገለ ብጽበት፣ ገለ ከኣ ብበለጽ ዝተጠቓዕና፡ ዝተስተኻኸለ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ብግቡእ ዘይወነና ስለ ዝኾና። ኣብ ፖለቲካ ብንጹር መስመርካ ፈሊኻ ግን ከኣ ብስልጡን ኣገባብ፡ ብወግዒ ብሓይሊ ሓሰብ ምብህሃል ›ምበር፡ ግርህነት ወይ የዋህነት ጽቡቕ ኣይኮነን። ኣብ ፖለቲካ ግሩህ ምዃን ማለት መንገዲ ጽድቕን ዓወትን ምኽታል ዘይኮነ፡ ኩሎም ናይ ድሕረት ኣረኣእያታት ማለት፡ ትምክሕተኛታት፡ ጸበብቲ፡ ተበለጽቲ፡ ከም ቃሕታኦም ብስምካን ብህይወትካን ክጣልዑ ምፍቃድ ማለትዩ።

ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ብባህርን ብተግባርን ብስማዊ ውድብ ህግደፍን ኣምለኽቱን ዝውክል ኣተሓሳሰባዩ። ጸቢብ ኣረኣእያ ኣብ ኣከናውና ህዝብታት ኤርትራ፡ ከምኡውን ኣብ ኣሰላልፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ልክዕ ዝኾነ ንባብን ናይ ዕላማ ንጹርነትን ዘይብሎም፡ ካብ ብሄሮም፡ ሃይማኖቶም፡ ከባቢኦም ወጻኢ ዘሎ ሰብ ወይ ህዝቢ፡ ኩሉ ዝጻበኦም ዝጸልኦም ገይሮም ዝርድኡ ወገናት ዝውክል ኣተሓሳሰባዩ። በለጻዊ ኣረኣእያ፡ ክውዕየካን ብማንካ ክዝሕለካን ከኣ ብኢድካ| ከም ዝተባህለ፡ ሓይሊ ሚዛን እናረኣዩ ሓንሳብ ናብ ደምበ ጸላኢ ካልእ ግዜ ናብ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ እናተላኸዑ፡ ናተይ ናትና ዝብልዎ መርገጽ ከይሓዙ ዝነብሩ፡ ተኣሪምና ተስተኻኺልና መርገጽ ሒዝና እንተኢሎም ከኣ፡ ብዘይ ዝኾነ ግብራዊ ተሳትፎ ጸግዒ ሒዞም ንዝግምግሙ ዝወራዘዩ ወገናት ዝውክል ኣተሓሳሰባዩ። ግዝያዊ ስምዒታዊ ረስኒ፡ ቃልሲ ኤርትራ ካብ ክሳብ ዝተጓዕዘሎ ታሪኽን ተመክሮን ዘይፈልጥ፡ ክፈልጥውን ድውሊ ዘይኮነ፡ ፖለቲካዊ መበገሲኡን ሸቶኡን ብግቡእ ዘይርዳእ ተግባራዊ ፍጻሜ ብዓይኑ ርእዩ ወይ ብእዝኒ ጽሮት ሰሚዑ፡ ብናይ ሕና ምፍዳይ መንፈስ ዝግንፍል፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ናብ ዝነበሮ ተመሊሱ ዝዝሕል ሓደገኛ ኣረኣእያ ዘለዎም ሰባት ይውክል።

እዞም ኣረኣእያታትን ስምዒታትን እዚኣቶም፡ ብዓይኒ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብቕዓትን ክምዘኑ እንከለው ኣዝዮም ድሑራትዮም። ኣዝዮምውን ሓደገኛታትዮም። ብዘይካ ንውልቆምን ጸቢብ ጉጅለኦምን ረብሓ፡ ንህዝብን ሃገርን ዝጠቅም ኣወንታዊ ኣተሓሳሰባ የብሎምን። ኣረኣእያኦም ኣጥፊእካ ምጥፋእ ወይ ድሕረና ዘሎ ትውልዲ ባዕሉ ይፈልጥ፡ ንሎሚ በሊዕና ሰቲና ንሙት ዝብልዩ። እዚ በተሓሳስባን ብተግባርን ኣብ ናይ ሎሚ ፖለቲካ ኤርትራ ልዕልና ሒዙ ይርከብ። ነዚ ብዓይኒ ፖለቲካዊ ግርህነት ምትእንጋድ ወይ ምጽማም ባዕልኻ ሰብኣዊ ክብርኻ ምርኻስ ካብኡ ሓሊፉ ኸኣ ፖለቲካዊ ነብስ ቅትለት ምፍጻምዩ።

ሓሶት ኣብ ልዕሊ ሓቂ፣ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ፍትሒ፣ ድሕረት ኣብ ልዕሊ ምዕቡል ኣተሓሳስባ ገዛኢ እንተኾይኑ፡ ካብዚ ዝሕፋስ ፍርያት፡ ምዝባዕ ቅኑዕ ፖለቲካዊ ኣንፈት፣ ሕድሕድ ምጥርጣር፣ ምልሕላሕ ህዝባውን ሃገራውን ሓድነት፣ ኣሳርን ተኣሳርን፣ ተጠቃምን ኣገልጋልን፣ ውሑዳት ብህይወትን መጻኢ ዕድልን ብዙሓት ከም ቃሕታኦም ክውስኑ ምፍቃድ፣ ዘመን ዝሰገሮ ባርያን ጎይታን ምንጋስ፣ ምብትታን ስድራ ቤታት፣ ምድፋር ልኡላውነት ሃገር፣ እኩብ ድምር ናይዚ ኩሉ ኸኣ ውድቀትዩ። ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምስልና ኣብዚ መድረኽዚ፡ ምሉእ ንምሉእ ወዲቑዩ ኣብ ዘብል መደምደምታኢ እንተዘይበጽሐ፡ ቀልጢፍና ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ምትዕርራይ ገይርና ክንቃለስ እንተዘይበቒዕና፡ ናብ ዳግማይ ዘይንትስኣሉ ምሉእ ውድቀት የመርሕ ከም ዘሎ ግን ክሕባእ ዘይኽእል ሓቂዩ።

ንነዊሕ ዓመታት ዝተፈላለዩ ወገናት ናይዚ ጠንቂ መንዩ? መንዩ ዝሕተተሉ? ንዝብል ሕቶ ዝህብዎ መልሲ በበይኑዩ። ናይ ዝበዝሑ ርእይቶን ሚዛንን ጠንቂ ግዳማውያን ተጻባእትን ጸላእትንዮም ዝብል ነይሩ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ብዘሎ ሃገራዊ ሰላም፡ ደሞክራሲ፡ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ፡ ቁጠባዊ ገስጋስ፡ ኣብ ምትእምማን ዝተሰረተ ስጡም ዝምድና ህዝብን መንግስትን ኣብ መሬት ኤርትራ ብዘሎ ወርቅን ኣብ ስትራተጂካዊ ቦታ ብዝርከብ ማያዊ ባሕርናን ዓይኑ ደም ከም ዝመልአ ከም መርተያ የቕርቡ። ሓንሳብ ብናይ እስልምና ጀሃዳዊ ጉጅለታት፣ ካልእ ግዜ ኣመሪካን ሰዓብታን ብመንገዲ ኢትዮጵያ ዝገብርዎ ዕረፍቲ ዘይህዝብ ተኹታኺ ተጻብኦታት፡ ዶባዊ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ፡ ዋሕዚ ስደትን እዚ ኩሉ ጽዑቕ መግለጺ ናይ ግዳም ዝተዋደደ ሽርሕን ወፍርንዩ ኢሎም ይከራኸሩ። ናይዚኦም መበገሲ ገለ ብፍላጥ ገለ ብዘይፍላጥ ኮይኑ፡ ውሽጦም ክሪኡ ፍቓደኛታት ዘይኮኑዮም። ብህግደፍ ካብ ዝተዋደደሎም ናይ ማእሰርትን መርሸንትን መጻወዲያ ሃዲሞም፡ ተገልቢጦም ንህግደፍ ዝድግፉ፡ ዘገልግሉ፡ ንሕና ንሱ ዝብሉ ወገናት፡ ምኽንያቶም ካብ ዘለዎም ዝቡዕ ፖለቲካዊ ኣገንዝቦ ዝብገስዩ።

እዚ ፖለቲካዊ ሕማምዚ ብመንጽር ግድምና ቃልሲ ኤርትራን ዝተኸፍለ መስዋእትን ኣባና ክረአን ክስማዕን ዘይነበሮዩ። ግን ፍቶ ጽላእ ኣነየ ኣዴኻ፤ በለት ወላዲት ከም ዝተባህለ፡ ዕረ እናጠዓመና ክንጎስሞ ዘለና መግለጺ ፖለቲካዊ ዘይንቕሓትናን ዘይብቕዓትናን ኮይኑ እነሆ። ቅኑዕ ህዝባዊ ኣረኣእያ ምውናን ዘይምውናን ናይ ነብስ ወከፍ ሰብ፡ ውድብ፡ ህዝቢ ባህርን መርገጽን ዝውስኖ ›ምበር፡ ብካልእ ግዳማዊ ሓይሊ ብማስትሽ ዝጠብቕ ወይ ብመጥባእሕቲ ዝኣቱ ግኡዝ ነገር ኣይኮነን። ኣረኣእያ ሓሳብዩ። ሓሳብ ከኣ፡ ብኢድ ዝጭበጥ ግኡዝ ነገር ኣይኮነን። ግዳማውያን ተጻባእትን ጸላእትን ከምዚ ኮይናዮ ዘለና ክንከውን ገይሮምና ዝብል መጎተ መሰረት የብሉን። ናይ ዝሩግ ፖለቲካዊ ኣተሃላልዋና ካባና ወጻኢ ካልእ ጠንቂ ተሓታቲ ክንረኽበሉ ምፍታን ናብ ዘይትድሕነሉ ህድማዩ። ስለዚ ካብዚ ኣቲናዮ ዘለና ቅጥዒ ዘይብሉ ሕሙስ ፖለቲካ ክንወጽእ ምስ ነብስናን ኣረኣእያናን ንተዓረቕ። ንመራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ደሞክራስያውያን ምሁራትን ንውቀስ። ከም ህዝቢ ድማ ኣብዚ ጉዳይ ዘለና ርድኢት ገምጊምና ልክዕና ንፍለጥ። ጠንቂ ንርከበሉ ኣሰካፊ ፖለቲካዊ ኩነታት ብወሳኒ መልክዑ ባዕልና ኢና። ተሓተቲውን ባዕልና ምዃና ብንቕሓት ተቐቢልና ንቃለስ። እንኮ መድሕና ንሱ ጥራሕዩ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላማምን ደሞክራስን ኤርትራ፡

**25-11-2019**